
**መጓዓዝያ ንተማሃሮ ኣብ ማእከል ምትእትታው ወይ ኣብ ክፍሊ መቐበሊ( ሓደሽቲ ቃንቃ ደንሽ ተምሃሮ) ኣብ ምምሕዳር (ኮሙን) ሲልካቦ**

Silkeborg Kommune

*TIGRINYA*



**ሕቶታት?**

ብዛዕባ መጓዓዝያ ውላድኩም ወይ ውላድኩም መጓዓዝያ ክወሃቦ ዝኽእል ተኽእሎ ዝምልከት ሕቶታት እንተሃልዩኩም፡ ምስ ቤት ትምህርቲ ውላድኩም ዝምሃረሉ ክትዉከሱ ኣለኩም:: ተወሳኺ ኣብ silkeborg.dk እውን ከተንብቡ ትኽእሉ ኢኹም::

## ብዛዕባ መጓዓዝያ ካብን ናብን ቤት ትምህርቲ ከምዚ ኢልና ኢና ንሓስብ

ውላድካኣብ ማእከል ምትእትታው ወይ ኣብ ክፍሊ መቐበሊ (ሓደሽቲ ቃንቃ ደንሽ ተምሃሮ) ክጅምር ከሎ፡ ንመጓዓዝያ ክኽፍል ዘለዎ ኮሙን ድዩ ዝብል ውሳነ ክውሰድ ኣለዎ። እዚ እንተኾይኑ ኣብዚ እዋን እዚ ኣየናይ ዓይነት መጓዓዝያ ንህጻን ዝምችእ ምኳኑ እውን ውሳነ ክወሃብ ኣለዎ።

ከም ምምሕዳር ( ኮሙን) መጠን ኢቲ ቀንዲ ኣገዳሲ :ምርጫመጓዓዝያ ውላድካ ብዝተኻእለ መጠን ርእሰ-ተኣማንነት ክህልዎ ኣብ ዝብል ህርፋን ዝምርኮስ ምኳኑ ኣገዳሲ እዩ። ስለዚ ኩሉ ግዜ እቲ ዝወሓደ ሰፊሕ መልክዕ መጓዓዝያ ክምረጽ ኣለዎ።
እዚማለት፡ ከም ወለዲ ምሳኻትኩም ብምትሕብባር፡ ውላድኩም ቅድሚ ፍሉይ መጓዓዝያ ምድላው ምሕሳብና፡ ንባዕሉ ከጓዕዝ ከም ዝኽእል ኩሉ ግዜ ክንምርምር ኣሎና።
እዚ ማለት እውን እቲ ቤት ትምህርቲ ምሳኻትኩም ከም ወለዲ ብምኳን እቲ ዓይነት መጓዓዝያ ክቕጽል ኣለዎ ድዩ፣ ወይስ ናብ ውሑድ ሰፊሕ መልክዕ መጓዓዝያ ንምቕያር ዕድል እንተሃልዩ ብቐጻሊ ክሓስበሉ እዩ።

## ካብዞም ዝስዕቡ ረቛሒታት ሓደ ወይ ልዕሊኡ እንተተማሊኡ ንውላድካ መጓዓዝያ ክቐረበሉ ይኽእል።

**1) ኣብ መንጎ መንበሪን ቤት ትምህርትን ዘሎ ርሕቀት**
0.-3. class: ልዕሊ 2.5 ኪ.ሜ.
4ይ-6ይ class: ልዕሊ 6 ኪ.ሜ.
7.-9. class: ልዕሊ 7 ኪ.ሜ.
10ይ ክፍሊ: ልዕሊ 9 ኪ.ሜ.

---

**2) ሓደገኛ መንገዲ ናብ ቤት ትምህርቲ።**
መንገዲቤት ትምህርቲ ወይ ክፋላት መንገዲ ቤት ትምህርቲ ከም...
ንውላድካ ሓደጋ ትራፊክ።

---

**3) ካልኦት ኩነታት፡ እንተላይ ደረጃ ምዕባለ ውላድካን ኣእምሮኣዊ፡ ማሕበራዊ ወይ ኣካላዊ ደረጃ ስርሓት።**
እቲ ህጻን ብሰንኪ ደረጃ ዕብየቱ ወይ ህሉው ደረጃ ስነ-ኣእምሮኣዊ፡ ማሕበራዊ ወይ ኣካላዊ ኣሰራርሓኡ፡ ንባዕሉ ካብን ናብን ቤት ትምህርቲ ከጓዕዝ ከምዘይክእል እንተተገምጊሙ።

## ምፍላጥ እውን ጽቡቕ።

**ኣብ ቤት ትምህርቲ ናይ መጓዓዝያ ግዜን ናይ ምጽባይ ግዜን ገደብ።**
ኣብ ቤትትምህርቲ ዘሎ ናይ ምጽባይ ግዜ ቅድሚ ትምህርቲ ምጅማሩ ካብ 60 ደቓይቕ ድሕሪ ምዝዛም ትምህርቲ ድማ ካብ 60 ደቓይቕ ክሓልፍ የብሉን።
ናይ መጓዓዝያ ግዜ እንተበዝሐ ናብ ቤት ትምህርቲ 60 ደቓይቕ ካብ ቤት ትምህርቲ ድማ 60 ደቓይቕ ክኸውን ኣለዎ።

---

**ኩሉ ግዜ እቲ ዝወሓደን ሰፊሕ መልክዕ መጓዓዝያ ክምረጽ ኣለዎ።**
እዞምዝስዕቡ ናይ መጓዓዝያ ኣማራጺታት ኩሉ ግዜ በዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ቅደም ተኸተል ክሕሰቡ ኣለዎም፤
1. ናይ ባዕልካ  መጓዓዝያ ( መኪና ) (ዝተመደበ መጓዓዝያ የለን/ የብልካ)።
2. ህዝባዊ መጓዓዝያወይ ናይ ቤት ትምህርቲ ኣውቶቡስ።
3.ወለዲ ኣበል ናይ መጉዓዝያ ይዉሃቦም።
4. ዝተዋሐሐደ ዓይነታት መጓዓዝ።
5. ፍሉይ መጉዓዝያ።

---

**ምክትታል ኣገባብመጓዓዝያውላድኩም።**
ኣብመጓዓዝያውላድካስሩዕምክትታልኣሎ።ኣብዚ፡ከምወለዲብተሳትፎኹም፡ እቲቤትትምህርቲውላድኩምበቲሕጂዘለዎመጓዓዝያክቕጽልኣለዎድዩወይስካልእዓይነትመጓዓዝያክቐርበሉክግምግምእዩ።መልክዕመጓዓዝያብዝሰፍሐመጠን፡ ብዝያዳምክትታልክካየድእዩ።

| ዓይነት መጉዓዝያ | ንኽንደይ እዋን/ግዜ ይፍቀድ |
|---|---|
| ኣዉቶቡስ | 1 ዓመት |
| መጉዓዝያ ኣበል ዘለዎ/ይዉሃበካ | 1 ዓመት |
| ፍሉይ ዓይነት መጉዓዝያ | 6 ወርሒ |
| ፍሉይ መደብ ዝተዳለወ መጉዓዝያ | 4 ወርሒ |